ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ንበዓል መዚ ተቖፃፃሪ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ካብ መደበኛ በጀት ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /ጎማ/ ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሕዳር 22, 2018 ( ቅድሚ 6 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 7, 2018 10:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 7, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/

ቁፅሪ ፋ/ም/ሃ/08/7-ጨ/01 -

ዕለት 22/03/2018 ዓ/ም

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 04/2018 ዓ/ም

ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ንበዓል መዚ ተቖፃፃሪ ትካላት ልምዓት መንግስቲ ካብ መደበኛ በጀት ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /ጎማ/ ንምግዛእ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ። ስለዚ

1. በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ 2017/2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣ ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ TIN ሰርተፊኬት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

2. ንተወሳኺ እሴት ታክሲ / VAT ዝተመዝገበ፣ VAT ምዝገባ ሰርቲፊኬትን ናይ መስከረም/2018 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

3. በቲ ዘርፊ ናይ መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምዃኑን ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ምስክር ወረቐት ኮፒ ከቅርብ ዝኽእል፣

4. ሰዓራይ ዝኾኑ ተጫረቲ 3% withholding tax እና Vs በቲ መምርሒ መሰረት ብዕደጋ ፈፃሚ

ኣካል ተቆሪፁ ዝተርፍ ምካኑ፣

5. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /ጎማ/ ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15* ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቢሮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ እስፔስፍኬሽን መሰረት ከቅርብ ዝኽእል ፣

6. ተጫራቲ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሸምዒ ዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ከቅርብ ዝኽእል፣

7. ናይ መወዳደሪ ደኩሜንት ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ፣ ናይቲ ትካል ሽምን ኣድራሻን ፣ ማህተምን

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ፌርማን ዘለዎ ክኸውን ይግባእ፣

8. ተጫራቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 200.00/ ክልተ ሚዒቲ ቅርሺ ጥራሕ/ እናኸፈልኩም ካብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዳ/ዳሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 12-0 | ካብ 22/03/2018 ዓ/ም ክሳብ 06/04/2018 ዓ/ም ሰዓት 10፡30 ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ሰነድ ጨረታ ገዚኡ ክወዳደር ይክእል፣

9. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ውሕስና መኽበሪ ሰነድ ጨረታ ብር 10,000.00/ ዓሰርተ ሽሕ ብር ጥራሕ/ ብሸም ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን /Bureau of finance & Resource Coordination/ ብCPO ወይ ብሰርቲፋይድ ቼክ ናብ ዝተዳለወ ናይ ቢሮና ጨረታ ሳንዱቅ ወይ ድማ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፣

10. እቲ ጨረታ ዕለት 07/04/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 4፡00 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ስዓት 4፡30 ቅ/ሰዓት ኣብ ቢሮ ፋይናንስን ምትሕብባር ሃፍትን ዕደጋ ፉይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 2-19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ይኽፈት።

11. ቢሮና ነቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

12. እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት መጠን ክሳብ 20% ክትንስ/ክውስክ/ ይክእል እዩ።

13. ሰዓራይ እቲ ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት /ጎማ/ ድማ ብበዓል ሙያ መካኒክ /ኤንስፔክተር ተሽከርከርቲ/ ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምስተረጋገፁ ጥራሕ ኣታዊ ይኸውን።

14. ንዝበለፀ ሓበሬታ ሞባይል ቑፅሪ 0914775963 ደዊልካ ምሕታት ዝካኣል ምዃኑ ንሕብር ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle